# ጋዜጠኛን ጸሓፍን ወልደማርያም እከት እንክዝከሩ!

========/////////============////////========

ክቡራትን ክቡራንን፡ኣብ ወርሒ ሰነ 2010 ዓ/ም/ፈ ምስ ቐንያት መዓልቲ ሰማእታት፡ገለ ተዘኽሮታተይ ክጽሕፍ ዝላበዉኒ ብጾት ነበሩ።ካብቶም ሽዑ ሕጽር ዝበለ ጽሑፍ ዘዳለኽሎም ድማ ሰውእ ኢሳቕ ተኽላይን ተምሃራይ ምህንድስና ኣብ ቀጽሪ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ነበረ ዮሴፍን ዝርከብዎም ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ።ምስኡ ድማ ብዕላል ዕላል ጉዳይን ስምን ክቡር ጋዜጠኛን ጸሓፍን ኣቶ ወልደማርያም እከት ክለዓል ባብ ተርሓወ።በዚ ድማ ብዛዕብኡም ሕጽር ዝበለ ጽሑፍ ብምድላወይ፡ናብ ካልእ መሰጋግሮ ክሰጋገር ጊዜ ኣይወሰደን ኢዩ።ንሎሚ ኣብ ክልተ-ክፋላት ገይረ፡ኣብ መራኽቦ ማሕበራዊ ገጻት ዝለተፍኽዎ ከምዘለዎ፡ኣላጊበ ደጊመ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክዝርጋሕ እገብር ኣለኹ።ኣብ ዝቕጽል ግዜ ግን ብዝሰፍሐን ብምሕተት ዝተራጎደን ገይረ ክጽሕፍ ተስፋ እገብር እብል።

==================//////////////==================////////////==================

#ሎምዓንቲ ግርም ዜና ሰሚዐ፡ገለ-ገለ ግዱሳት፡"ኣቶ ወልደማርያም እከት፡ካብ መዓስ ኢዮም ኣብ ጋዜጣ ሕብረት ነይሮም፧"-ኢሎም ይሓቱኒ ኣለዉ፡እሞ ገለ ክውስኽላ ኢለ ኢየ።እወ፡ግራዝማች ተስፋይ(በዓል፡ድባርዋ) ብጥሮታ(መልዕሎ) መልክዕ፡ካብ ስራሕ ኣብ 1967 ዓ/ም/ኢ(ኣብ 1974/5 ዓምፈ) ብዘወጹ፡ንየየም ተኪኦም ናብ ሓላፍነት ዝመጹ ኢዮም።ክሳዕ 1983 ወይ ድማ 1991 ዓ/ም/ፈ ድማ ኣብ ብርኺ ዝለዓለ ሓላፍነት ኮይኖም ሰሪሖም ኢዮም።ኣነ እኳ ኣገልጊሎም ኢዮም ክብል ይቐለኒ ኢዩ።

ብፍላይ ኣዳላዊ ርእሰ-ዓንቀጻት ኮይኖም ዝጽሕፍዎ፡ዝነበሩ፡ፅሑፋት ትዝ እብለኒ እዩ።



"ሃብቲ ሃገር ብምዕቡል ናብራ ሕዝቢ፤ድኽነት ሃገር ከኣ ብድሑር መነባብሮ ሕዝቢ እዩ ዝግለጽ፤ሃገር ማዕቢላ ማለት ሕዝባ ማዕቢሉ ማለት እዩ።

ሃገር ድምር ተቐማጢ ሕዝባ ካብ ኮነት ምዕባለ ሃገር ከኣ ድምር ሥሙርን ሓድነታውን ጻዕሪ ሕዝባ እዩ፤ስለ'ዚ ሃገር ንምህናጽ ንቑሕ ተሳትፎን ጥርንፍ ዝበለ ናይ ኀብረት ሥራሕን ይሓትት።

ናይ ሓፋሽ ሕዝቢ ንቑሕ ተሳትፎን ጻዕርን፡ኣብ'ቲ ዝድለ ምእንቲ ክበጽሕ ከኣ ዉድባዊ ሓድነት የድሊ።" ቃል ገዲም ጋዜጠኛን ፀሓፍን ወልደማርያም እክት፡ኣብ 1982 ዓ.ም. ብዕለት 17 ግንቦት ዝተሓትመ ርእሰ ዓንቀጽ ዝተወሰደ ኢዩ።"

ትማሊ ኣዚየ ዝፈትዎን ዘክብሮን እሙን ብጻየይ ዮሴፍ (ተምሃራይ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ነበር)፡ብመሥዋእቱ ፍሉይ ተዘኽሮ፡ኣብ ሕልናይ ተቀጂሉኒ ከም ገለ ተሰሚዑኒ ውዒሉ ኢዩ።

ሎሚ ድማ ደሃይ ክቡር ጋዜጠኛን ጸሓፍን ወልደማርያም እከት ብንግህኡ ፍቓድ ኣምላኽ (ክጥዕም! ዋላ ይምረር) ረኺብኩ።

ጋዜጣ ሕብረት (ኀብረት) ካብቶም ላዕለዋይ ኣዳላዊ ኮይኖም ንነዊሕ ዓመታት ዘዳለዉ ኢዮም።ኣነ ድማ ብስርዑ ኣንባቢ፡እታ ጋዜጣ ኢየ ነይረ ካብ ብቀልዓይ ኩስኩሳ ኣዕብያትኒ ኢያ።ብልቢ ድማ ኤመስስግን ኢየ፤ንኹሎም ጸሓፍትን ኣዳልውትን እታ ጋዜታ ነበር ክብል እፈቱ።

ኣብ ጋዜጣ ሕብረት፡እኒ ኣማኑኤል ሳህለ፣ብርሃነ ገብረኺዳን፣የማነ መኩነን(ሊሎ)፣ወልደማርያም እከት፣መሓሪ ምሥጋናን ወዘተን ይዝከሩኒ ኢዮም።



ዕለት፡5/11/2020 ዓ/ም/ፈ

ጋዜጠኛ ገብረሚካኤል ብሥራት (ኣቦ የማነ ባርያ)፥ጋዜጠኛ ግርዝግኛች ተስፋይ፥ኣብ ጋዜጣ ዘመን ነይሮም፥ኣብ ጋዜጣ ሕብረት ድማ ላዕለዎት ጸሓፍትን ኣረምትን ንምዃን ግብኦም ፈጺሞም ኢዮም።ንብዙሓት ድማ ጸልዮም ኢዮም።

ጋዜጠኛ ወልደማርያም እከት፥ ኣብ መበል 80 ዓመቶም (1941 ተወሊዶም) ደሃዮም ምርካበይ ደስታይ ወሰን የብሉን እዩ።እከት ትብል ስም ኣብኦም ኣዚያ ትገርመኒ ነይራ፥ሓደ ግዜ ንሓንቲ ብሌናዊት ሓፍትና፥እዚ ስም ናይ ብሌን ይመስለኒ እሞ ንስኺ ድማ ጓል ብሌን ስለዝኰንኺ ወይ ትርጉሙ ንገርኒ ወይ ድማ፥ሕተትለይ ንስድራኺ ኢለያ፣ብሰሓቅ ክትመውት እዝከረኒ ኢዩ።

ምኽንያቱ ብምስ ኣቡኣ፥ነገር ቁልዕነት ኮይኑና ንስሕቅ ብምንባርና ኢዩ።እቲ ገሊኡ ኣስማት ንዓና ሓውሲ የስሕቀና ነበረ።ናትና ድማ ንያየም የስሕቆም ይኸውን ኢዩ።ክክክክ ግርህነትን ዕሽነትን ወድ ሰብ!

ብዝኾነ እቶም ን17 ዓመት ንጋዜጣ ሕብረት ዝመርሑ፥ኣቦና ኣቶ ወልደማርያም እከት፥ቋንቋና ክዓብይ፥ባህልና ክድርዕ፥ሥነ ጽሑፍን ባህሊ ምንባብ ክምዕብል ዝገበርዎ፥ዓርሞሻሻዊ ኣስተዋፅኦ ፍጹም ኣይርሳዓን ኢዩ።እሞ ክብረት ይሃበልና እብል።

ጋዜጠኛን ጸሓፍን ጉርጃ ገብረሥላሴ ድማ ረሲዑ፥ነይሩ።ካብዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለዩ፥መምህርን ጋዜጠኛን ግርማይ ገብረፃድቕ ሎምዓንቲ ብዝነገረኒ ሕማቕ ተሰሚዑኒ ግን ሕይወት ወድ ኣዳም ከምኡ እዩ።

======//////===========/////===================

ሓጺር ታሪኽ፥ጋዜጠኛን ጸሓፍን ወልደማርያም እከት

ሰላማት ክቡራትን ክቡራንን፥ብዛዕባ ክቡር ኣቦና ኣቶ ወልደማርያም እከት፥ ኣድሂበ ትማሊ ብጉያ-ጉያ ሓጺር ጽሑፍ ናባኹም ኣቢለ ምንባረይ ዝፍለጥ እዩ።



ንዑዑ፥ስዒቡ ድማ ብርክት ዝበለ ሕቶታትን ግብረ-መልሥን መጺኡኒ ኣሎ፣ገና እውን ክመጽእ ምኳኑ እግምት ወ እሓስብ ኢየ።ብፍላይ ድማ እቲ መሰና ግብረ-መልሲ፥ ንምህብታምን ንምድራዕን ብምኳኑ ዝበራታዕን ፍናን ዝህብን ኢዩ።

ንኩልኩም ድማ ሃየ ቐጽልሉ ኢኹም ክብል እፈቱ።ንደቀም ድማ ንዝገብሩለይ ዘለዉ ድጋፍ ኣጆኻን ኹነ ምብርትታዕን፥ብልቢ ኤመሥግን።

እዚ ከም መእተዊ ኮይኑ ንኣንበብትን ግዱሳትን ኣይተስተዋሕድዎ ኢኹም ክብል እፈቱ።ብሉ ብዛዕባ መሰረታዊ ሓበሬትኦም ተወኪሱ፥እዚ ብቁንጫሉ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

ምሉእ ስም-ኣቶ ወልደማርያም እክት ስፋፍ፣ትምህርቲ-12+4።ብሒር-ብሌን።መበቀል ድማ ዓዲ-ሊብንጀነ ኣውራጃ ሰንሒት'ዩ-(ሎሚ ዞባ ዓንሰባ ዘሎ'ዩ)። ኣብ 1954 ዓ.ም.ፈ ወዲ 14 ዓመት እንከለዉ፥ናብ ሃገረ ኢጣልያ ከተማ ሮማ ብመገዲ ካቶሊካዊ ማሕበር ላሳለ ከይዱ ኣብ ከተማ ሮማ፥ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ተማሂሩ ናብ ሃገሩ ተመሊሹ።

ቐጺሉ -ድማ ብዓውዲ ስነ-ጽሑፍ (literature) ብ1973 ዓ.ም.ፈ፥ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሳንታ-ፋሚልያ ብማዕረግ ድግሪ፥ ተመሪቑ (ደሓር ኣሥመራ ዩኒቨርሲቲ ዝተብሃለ)።

ናብ ጉዳይ ሓዳሮም ምስ እንኣቱ ድማ ኣብ 1975 ዓ/ም/ፈ፥ምስ ሰኔት ጋይም ዳመር እተባህለት ጎርዞ ተመርዕዮም 8 ውሉድ ኣፍርዮም እዮም።-እቶም ዝፈረዩ ዉሉዳት ድማ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም። ራሔል፣እስቲፋኖስ፣ብስራት፣ሔዋን፣ሰመረ፣ሳምራዊት፣ብሌን ወ ኣዶናይ ወልደማርያም ዝበሃሉ እዮም።



ዕለት፥5/11/2020 ዓ/ም/ፈ

ኣብዚ ጊዜ እዚ ደቀምን ደቂ ደቀምን ብጠቕላላ 33 ኮይኖም ኣለው።ብዉሉዳትን ፍረ ዉልዳትን ሰሲኖምን ጸግዮምን ኣለዉ።

ሎሚ ንግሆ ምስ መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ ተራኺብና ነይርና።ኣብ ጉዳይ ጋዜጠኛ ወልደማርያም እከት ኣድሂቡ ገለ ተዘኽሮታትን ምስኽርነትን ክህበኒ ተወኪሰዮ ኢየ።ከምዚ ድማ በለኒ።

"ወልደማርያም እከት፡ፍፁም ለዋህ፣ቅኑዕ፣ሓቀኛን ኩሉ ግዜ ኣብ ስርሑ ዝነጥፍ ሰብ ኢዩ።ኣነ ምስኡ ኣብ ስራሕ ኣብ ሓደ ኣብ፡ዝነበርኽሉ እዋን፡ወረቓቕቲ ካብ ኢዱ ፍፁም ኣይፈልይን ነበረ።

ናይ ሪፖርተራት ዝጸሓፍዎ ጽሑፋት ክእርሞ ኢሉ፡ካብ ኢዱ ኣይፈልይን ዚነበረ።ባዕሉ እውን ይጽሕፍ'ዩ።ንፋዕ ፅሓፊ ኢዩ።ርእሰ ዓንቀጽ ኣዳለውቲ ስለ ዝጽሕፍዎ፡ነቲ ርእሰ ዓንቐጽ ባዕሉ ኢዩ ዝጽሕፎ ነይሩ።ግርም ትግርኛ ኢዩ ዝጽሕፍ ነይሩ።

ቁመቱ ሕፅር ኢሉ-ጎዳን-ጸጉሩ ብርሕ ኢሉ ብጎኒ ጎኒ ግና ጸጉሪ ዚነበሮ ኢዩ(ዘኪረዮ ዶ ሓቀይ፧)"-ክብል ተዘኽሮኡ ሃበኒ።

መሊሰ ገለ-ገለ ጸሓፍትን ክኢላታት ቋንቋን ሥነ ጽሑፍን፡እታ ኣዳላዊ ነይሮም እት፡ብል ሓሳብ፡ካብ መዓስ ክሳዕ መዓስ ኢዩ ነይሩ ብንጹር እዋኑ፧ምክትል ዝብል ከ ነይሩ ዶ፧17 ዓመት ነዊሕ ጊዜ ኢዩ፡እሞ ንበይኖም፡ክንድዚ ዓመታት ሰሪሖም ድዮም፧ዝብሉን ካልእን ሕቶታትን ጠይቐሙኒ ኢዮም።

በዚ ኽኣ፡ንመምህርን ጋዜጠኛን ግርማይ ገብረጻድቕ ተወኪሰዮ ኢየ።"ኣቶ ጉርጃ ገ/ሥላሴ ክሳዕ ብጥሮታ ዝወጹ፡ከም ምኽትል ዝነብሩ እመስለኒ!"-ክብል ምላሽ ሃበኒ።እዚ ንባዕሎም ሓቲትና ኣብ ቐረባ መዓልቲ ከነነጽሮ ኢና።ከም ኣነ ግን ግራዝማች ተሰፋይ ኣብ 1967 ዓምሓ ብጥሮታ መልክዕ ካብ ስራሕ ዋና ኣዳላዊ ጋዜጣ ኀብረት ዝእለዩ፡ኣቶ ጉርጃ ይኹን ኣቶ ወልደማርያም፡ኣብ ጸፍሒ ሓላፍነት ኣይነበሩን ኢዮም።

ገለ-ገለ ጋዜጠኛታት ድማ "ኣቶ ጉርጃ፡ኣብ 'ማስታወቅያ ጨንፈር ጽህፈት ቤት'-ሓላፊ ብምንባሮም፡ነታ ጋዜጣ ኣቶ ወልደማርያም እከት ዝመርሕዎ ዝነበሩ እመስለና!"-ክብሉ ሓሳቦ ከም ዝሃቡኒ እዝኽር ኢየ።

ብርኽት ዝበሉ ፅሓፍትን ጋዜጠኛታትን ኰነ ኣብ ዕዮ ምስፍሕፋሕ ወንጌልን ምትርጓም መጽሓፍ ቅዱስ ዝነበሩ ሰባት፡ኣብ ቋንቋን ቋንቋታትን ዓሚዩቕን ሰፊሕን ኣፍልጦ ከም ዚነበሮም፡ማህደር ታሪኽ ካብ ዘመነ ሃጸይ ቴድሮስ ክሳዕ ግዜ ደርጊ ምግንጻል እኹል መረጼን'ዩ።

ስለዚ፡ኣቦና ወልደማርያም እከት ድማ ኣብ ቋንቋን ቋንቋታትን ኣድሂቦም ሃብታም ተመኽሮን ዕልን ከም ዚነብሮም እምነት ነይሩኒ እዩ።ከም ግንዛበይ ተኰይኑ፡ኣቶ ወልደማርያም ዝኽእልዎ ቋንቋታት ቋንቋ ብሌን፣ትግርኛ፣ኣማርኛ፣ኢንግሊዝኛ፣ጣልያንኛ፣ትግረ፣ላቲንኛ ወዘተን እብል።ንሰባት ሓቲተ ድማ ቋንቋ ፍረንች'ውን ይኽእሉ ምኻኖም-ስራሕ ክቁጸሩ ካብ ዝገበሮም ሓደን ዓቢይን ምኽንያት-ክእለት ቋንቋ ፈረንሳይኛ ፍሉይ ረቋሒ ከም-ዝነበረ መቕርቦም ኰነ ዉልዶም ኣውስአሙለይ እዮም።ቋንቋ ግእዝ ኸ፧...ንሎሚ ኣብዚ ይኣኽል ኢዩ።ወደሓንኹም!



========================//////////////////////////===============

##ጋዜጠኛን ጸሓፍን ግራዝማች ተሰፋይ ኣብራሃ፡ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ዝተምሃሩ፡ላዕለዋይ ኣዳላዊ (ክሳብ ምክትል ኣዳላዊ)-ኣብታ ብዙሕ ንዕቤት ቋንቋ እጃማ ዘበርከተት ጋዜጣ ኅብረት ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ብርኺ ዝበጽሑ ሓያል ብርዐኛን ጋዜጠኛን ኢዮም ነይሮም።

ኣብ ዓዲ ገዳ ወረዳ ድባርዋ ድማ ቅድሚ 31 ዓመት ኣቢሉ ሓመድ ኣዳም ነበሱ።



ዕለት፡5/11/2020 ዓ/ም/ፈ